# ኣብ ፌስቲቫል ዓባይ-ብሪጣንያ ዝቐረበ ቃል ኣስናዳኢት ሽማግለ።

ዝኸበርኩም መራሕትን ኣባላትን ተቓወምቲ ውድባትን ሰልፍታትን።
ዝኸበርኩም መራሕትን ኣባላትን በርጌሳውያን ማሕበራት።
ዝኸበርኩም ውልቀ ተቓወምቲ፡ ሙሁራት፡ ናይ ሚድያ ትካላትን ዓበይቲ ዓ ድን።
ዝኸበርኩም ብሓፈሻ ዕዱማት ኣጋይሽና።

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን!

ብመጀመርታ ብስም ኣወሃሃዲት ሽማግለ ተቓወምቲ ሓይልታትን በርጌሳዊ ማሕበርን ኣብ ዓባይ-ብሪጣንያ ኮይና እንቋዕ ብድሓን መጻእኩም ክብል ኣፍቁዱለይ። ቀጺለ እዚ ናይ ሎሚ ዕለት መተኣኻኸቢና ምኽንያት ኮይኑ ዘሎ ከምቲ ኩላትና እንዝክሮ መቐጸልታ እቲ ብሓባር ናይ ምስራሕ መደብ ዝተተሓሓዝናዮ ዝያዳ ዓሚቑን ሓይሉን ብሓድነት ናብ ከምዚ ዝኣመሰለ ዓበይቲ ናይ ሓባር ባዓላትና ብሓባር ናይ ምብዓልን ብሓባር ናይ ምቅላስን ዝኣተናዮ መብጽዓ ውጽኢት ምዃኑ'ዩ። ልክዕ'ዩ እዛ ናይ ሓባር ሽማግለ ካብ ትቐውም ዝተፈላለዩ ባዓላትን ሰለማዊ ሰልፍታትን ብምድላዉ ዓቕማ ብዝፈቐዶ ክትነጥፍ ጸኒሓ ኢያ ይኹን'ምበር ሎሚ 'ውን እቲ ብሓባር ናይ ምስራሕ መደብ ማዕቢሉ ናብ ብደረጃ ፌስቲቫል ምብዓል ምስግጋርና ውጽኢት እቲ ዝተኻየደ ጻዕሪ ምዃኑ ንምርድኡ ዘሸግር ኣይኮነን እንቋዕ ክኣ ኣብ ከምዚ ደረጃ ኣብጽሓና።

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን!

እዚ ሎሚ ዕለት 23 ነሓሰ እነብዕሎ ዘለና ፌስቲቫል እምብኣር ብኣጋጣሚ እቲ ብመሪሕነት ጅግና ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ዝተጀመረ ብረታዊ ተጋድሎና መበል 47 ዓመቱ ዘቑጸረሉ ዕለተ ዝኽሪ'ዩ። እዚ ዕለት እዚ ክንዝክር እንከለና እቲ ንናጽነትን ሓርነትን ዝተወልዐ ሽግ ድሕሪ ናይ ኣሻሓት ብሉጻት ዋጋ ምኽፋልና ሃገራዊ ናጽነት ህያው ዝገበረ ዕለት ምዃኑ እውን'ዩ።

ዝኸበርኩም ዕዱማት! ኣመንጉየ ዋዛ ምስ ቁም-ነገር ክሕውስ እንዶ ግዳ ኣፍቁዱለይ? ርግጸኛ ኢየ ሰሚዕኩሞ ትኾኑ። ኣብዚ ቀረባ ጊዜ ኢዩ ሓደ ለባም ሓታታይ ነዚ ኣብ ሃገርና ዘሎ ብዓል ጊዜ ሓደ ኣገዳስን ዓብን ሕቶ ከምዚ ክብል ሓቲትዎ ነይሩ "ዝተላኣኽክሞ ልኡኽ ናጽነትን ሓርነትን ወዮ ናጽነት ኣምጺእክሞ ግርም፡ እንተ እቲ ናይ ሓርነት ልኡኽኩም ግን ምኣስ

ኢኹም ክትእውጅዎ” ኢሉ ኣብ ዝሓተቶ ወዮ ብዓል ጊዜ ከምዚ ዝስዕብ ክብል መሊሱ። “ከምዚ ንርእዮ ዘለና ናይ ኢትዮጵያ፣ ናይ ዚምባብዌ ናይ ኬኒያ ሓርነት ወይ ደሞክራሲ እንተኾይኑ ብሕጂ ኣርብዓ ዓመት'ውን ኣየድልየናን'ዩ።” ክብል ብኣሽካዕላል ናይ ብድዐ መልሲ መሊስሉ። በዚ ኣጋጣሚ ናህና መልሲ ግን “እዋእ! ኣኺሉና ዲና ተዘሚትና በል ኣታ ብዓ ል ጊዜ ኣይትቕሰን ድኣ፣ ዝወላዕናዮ ሽግ መስከረምስ ልኡኹ ኣብ ምዕራፉ ከየብጽሕና ደቀስና ማለት ሞት ቾኹነና ስጋ ባሕቲ መስከረም እናበልና ኣብ ዚ ክቡር ዕለት ቃል ንኣቱ ኣለና'ሞ ከምቲ ንናጽነት ዝጎየናዮ ሕጂ'ውን መገዲ ሓርነት ዝጠፍኣና ከም ዘይኮነ ክኣ ኣብዚ ኣጋጣሚ'ዚ ከነዘኻኽረካ ንፈቱ” ንብሎ።

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን!

እምብኣር ንምጥቕላል በዚ ኣጋጣሚ ነዚ ፈስቲቫል ንምዕዋትን ንምምዕራግን ዝተፈላለዩ ኣካላት ስነ-ጥበብ ማለት ከም ሰኣልቲ ቅብኣ፣ ሙዚቀኛታትን ድምጻውያንን ኣበርክትኦም ኀኸዕዝዙ ካብ ርሑቕ ቦታ ከይተረፉ ብምምጻእ ተዳልዮም ስለዘለዉ ብስም ኩሉ ተሳታፊ እዚ ፈስቲቫል ከመስግኖም እፈቱው። ኣብ መደምደምታ ፈስቲቫልና ዕዉት ኮይኑ ክዛዘም ዘለኒ ትምኒት ኣናገለጽኩ በዚ ኣጋጣሚ ክኣ ናይ ኩሉ ምትሕብባርን ምክብባርን ክህሉ አተሓሳስብ።

ጥርናፈ ሓይሊ'ዩ!
ክንዕወት ኢና!
ኢሳያስ ኣስፍሃ
ኣቦ-መምበር
ኣ/ሽማግለ ተቓወምቲ ሓይልታትን በርጌሳዊ ማሕበርን ኣብ ዓባይ-ብሪጣንያ።
23 ነሓሰ 2008።